# ድሕነት

**ንሰላም፣ ንደሞክራሲ፣ ንፍትሒ፣ ንማዕርነት፣ ንምዕባለ፣**

**ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ**
**ትዳሎ ክልተ ወርሓዊት መጽሄት**

## ፍሉይ ሕታም

## ወርሒ ጥቅምቲ 2009

- **ዓወት ንፖለቲካዊ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ!!**
- **ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ልዕሊ ኩሉ!!**

# መልእኽቲ ድሕነት፡

*ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ 15 ክሳብ 21 ጥቅምቲ 2009 "ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ መሪሕ ግደ ዝጻወት ሓያል ውድብ ንምህናጽ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ተጋቢኡ ብክብ ዝበለ ድምቀት ከምዝተዛዘመ ብዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ክቃላሕ ምጽንሑ ይዝከር። ኣብዚ ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ ተወኪሎም ዝተሳተፉ ኣባላት፡ ካብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ብደሞክራስያዊ ኣገባብ መረጻ ዝተወከሉ ኮይኖም፡ ካብ መላእ ጨናፍር ውድብን፡ ወከልቲ ሰራዊት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፡ ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ መሪሕነትን ዘጠቓለለ ዕዉት ጉባኤ እዩ ተኻይዱ።*

*እዚ ብልዑል ድምቀት ዝተዛዘመ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሳላ ገጥ ዝበለ ሓያል መኸተ መሰረታትን ሰራዊት ድሕነትን'ምበር ኣብ መሪሕነታዊ ጽፍሒ ካብ ዝነበሩ ውሱናት ባእታታት ብባዕላዊ ጸቢብ ረብሓታትን ግጉይ ተረድኦን ተበጊሶም ጉባኤ ኣብ ግዜኡ ከይግበርን ናብ ካልእ እዋን ክሰጋገርን ኣለዎ ብዝብል፡ ኣብ ባይታ ዘየለ ጸገም ወይ ፍልልይ ከም ዘሎ ኣምሲልካ ብምግላጽ፡ ኣብ ውሽጢ መላእ ኣባል ውድብ ሕንፍሽፍሽ ንክፍጠር ብብዙሕ መልክዓት ዝግለጹ ፈተነታት ብቑሉዕን ብስዉርን ከካይዱ ጸኒሖም'ዮም። ከም መቐጸልታ ከኣ ኣብ ድሮ ጉባኤ ዝጅመረሉ ዕለት ከይተረፈ'ውን፡ መስርሕ ጉባኤ ንምትዕንቓፍ ብገበን ከሐትት ዝኽእል ርኡይ ፈተነታት ተኻይዱ እዩ። እንተኾነ ግን ሳላ ገጥ ዝበለ ሓያል መኸተ መላእ መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ መስርሕ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤና ካብቲ ኣቐዲሙ ዝተነጸረሉ ሰሌዳ ግዜ ዋላ ንሓንቲ ካልኢት'ውን ትኹን ኣይተዓናቐፈን።*

*እቶም ውራይና ኢሎም ጉባኤ ከይግበር ንክፍሽሉ ዝተበገሱ ባእታታት፡ ካብ ሕማቕ ነገራት ምፍጻም ተቖጢቦም ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ናብ ቦታ ጉባኤ ኣትዮም ኣለንና ዝብልዎ ፖለቲካዊ ይኹን ካልእ መበገሲ ፍልልያት እንተሃልይዎም ብግልጺ ኣብ መድረኽ ጉባኤ ንክቕርቡን ክካትዑን ብመሰረታት ንዝቐረበሎም ምሕጽንታ ኣወንታዊ መልሲ ክህቡ'ውን ኣይደለዩን። መሰረታት ግሃድኤ በዚ ተስፋ ከይቆረጹ ካብ ኣባላት ጉባኤ 4 ዝኣባላታ ሽማግለ ተመዚዛ ብህጹጽ ምስቲ ጉባኤ ምእታው ዝኣበየ ጉጅለ ርክብ ከተካይድ ሓሳብ ኣቕሪቦም። በዚ መሰረት ከኣ እታ ዝተመዘዘት ሽማግለ ክልተ መዓልቲ ርክብ ኣካይዳ ፋይዳ ዘለዎ መልሲ ግና ኣይረኸበትን። ይሕሸና ዝበልዎ ኣማራጺ ወሲዶም።*

*ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ግና መላእ መሰረታት ካብ ዝተወከልሉ ጨንፈራት ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ብጭርሖታት ኣብ ዝማዕረገ ኣዳራሽ 15 ጥቅምቲ 2009 እዩ ብእልልታን ጭብጨባን ብድምቀት ተጀሚሩ። ኣብ'ቲ መኽፈቲ ዕለት ዕድመ ዝተገበረሎም ኣጋይሽ፡ ወኪል ሰንዓ ፎረምን መንግስቲ ኢትዮጵያን፡ ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ወከልቲ ኣባላት ማሓዙት ውድባት ኤ.ዲ.ኪ፡ ናይ ዝተፈላለዩ ኣባላት ዜናዊ ማዕከናት ተረኺቦም ነይሮም።*

*ኣብ መኽፈቲ ዕለት ኩሎም ዕዱማት ኣጋይሽ፡ ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ ብዓወት ንክዛዘምን ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ዓቲሩ ንክወጽእን ዘለዎም ሰናይ ናይ ድጋፍ ምንዮትን ኣጋርነትን ዝገልጽ ሕድሕዶም ብንባብ ኣስሚዖም። ኮምኡ'ውን ብኣካል ክርከቡ ናይ ዘይከኣሉ ካብ ሲቪካዊ ማሕበራት፡ ውድባት፡ ውልቀ ሰባት፡ ... ወዘተ ዝተላእኹ ናይ ድጋፍ መልእኽትታት ቀሪቦም ተነቢቦም። ድሕሪ ናይ መኽፈቲ ፕሮግራም ምዝዛም ጉባኤኛ፡ ንጉባኤ ትመርሕ ሓዳስ ሰክረታርያ ጉባኤ መሪጹ ናብ ዝርዝር ዕዮታቱ ኣትዩ። ብዓወት ከኣ ዛዚሙ።*
*ኣብ ዕለተ መዛዘሚ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከቡ ስነ-ጥበባውያን ኤርትራውያን መንእሰያት ብወለንተነኦም ተበጊሶም ወነ ቃልሲ ዝቕስቅስ ድሙቕ ምርኢት ሙዚቃ ኣቕሪቦም። ተወዲቦም ኣበርክቶኦም ክቕጽልሉ ምኳኖም'ውን ቃል ኣትዮም ኣለዉ።*

*ኣንበብቲ ድሕነት ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ ዝቐረቡ ናይ ድጋፍ ጽሑፋት ብቐጻሊ ከነቕርብ ኢና። ንሎሚ ቃል ኣሰናዳኢ ሽማግለ ጉባኤ ግሃድኤ፡ ቃል ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ፡ ቃል ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ፡ ቃል ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ሓጸርቲ ዜናታትን እንሆ። ሰናይ ንባብ።*

## ቃል ኣቦ-መንበር ኣሰናዳኢ ሽማግለ 1ይ ጉባኤ
## ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ (ግሃድኤ)

ዝኸበርካ ሓው ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን
ኣቦ መንበር ሰክረታርያ ስምምዕ ሰንዓ ፎረም
ዝኸበርካ ሓው ኣቶ ተወልደ ገ/ስላሴ ኣቦ መንበር ኤ.ዲ.ኪ.
ዝኸበርኩም መራኽቢ ብዙሓን ፈ.ደ.ረ.ኢ.
ዝኸበርኩም ወከልቲ ዜና ኤዲኪ
ዝኸበርኩም በርጌሳዊ ማሕበራት ኤርትራ
ዝኸበርኩም ወከልቲ ማሓዙት ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ
ዝኸበርኩም ኣባላት ማእከላይ ባይቶ
ዝኸበርኩም ወከልቲ ጨናፍር ግሃድኤ ኣብ 1ይ ጉባኤ

ብመፈለምታ ብሽም ኣሰናዳኢ ሽማግለን ብሽመይን ንኣባላት ግሃድኤ ቀዳማይ ጉባኤና ንክጋባእ ምብቃዕና የሃና ኣመሓላልፈልኩም። ብዘይጥርጥር፡ ውድብና ኣብ ጉዕዞኡ ዓይነታዊ ለውጢ ንምምዝጋብ ተሪር ድልየት ዘለዎ መሰረታትና፡ ካብ ቲኬት ጀሚርካ ክሳብ ንጉባኤኛታት መግቢ ዝሸፍን፡ እቲ ኩሉ ጉባኤ ዝጠልቦ ወጻኢታት ምሸካም ድልው እንተ ዘይከዉን፡ እዚ ጉባኤ'ዚ ክሳለጥ ኣይምተኻእለን። ነዚ ህያው መርገጾም ከኣ ሞጎስን ምስጋናን ክነመሓላልፈሎም ደስ ይብለና። ከምኡ'ዉን ነቲ ብ2006 ብመስመሪ ጉባኤ ዝተመዝገበ ዓወት ንምድንፋዕ ጉባኤኡ ንክጋባእ ዝጸዓተ ውድብ ግሃድኤ ደገፍኩም ንምግላጽ ኣብ መኽፈቲ ቀዳማይ ጉባኤና ንምክፋል ዝመጻእኩም ክቡራት ዕዱማትና ናይ ክብርን ኣኽብሮትን መልእኽቲ ቃል ክንገልጸልኩም ወሰን ዘይብሉ ሓጎስ ይስምዓና። ብሰንኪ ወድዓውን በዓልቤታውን ኩነታት እዚ ሕጂ ነካይዶ ዘሎና ጉባኤ ቅድሚ ሓደ ዓመት ክካየድ ዝነበሮ ኢዩ።

ኩልኹም ከም እትፈልጡዎ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ተሞክሮታትን ዝካየድ ምትሕንፋጻዊ መስርሕ፡ ነዞም ፍልልያት እዚኣቶም ዘንጸባርቑ ባእታታት ኣብ መስርሕ ክቀላቐሉ ናይ ግድን ኢዩ። ኣብ ዝሓለፍናዮ መድረኽ፡ ገለ ካብ'ቶም ዝነበሩ መለለይታት፡ ኣብ ፖለቲካውን ስርዒታውን ትግባሬ ዝሰዓበ መድረኽ ተጕዛጕዞም ክጐዓዙ ምርኣይ ሃንደበታዊ፡ ወይ ድማ ኣገረምቲ ኮይኖም ክምዘኑ ኣይከኣልን። ኣቓዲምና ንኽምዚ ዝኣመሰለ ምናልባታት ኣፍልጦን ንቕሓትን ንውንን ስለ ዝነበርና ከኣ'ዩ፡ ነቲ ድሕሪ መስመሪ ጉባኤ ዝሰዓበ መድረኽ መሰጋገሪ መድረኽ ኢልና ክንሰምዮ ዝተደረኽና።

ከም'ቲ ዝተጸበናዮ፡ ዝሓለፍናዮ ሓድነታዊ ፖለቲካዊ መስርሕ፡ ኣብ ውሽጢ ስርዒታዊ ክልታት ውድብ ዝተሓጸረ መዛረቢ ካብ ምኻን ሓሊፉ፡ ኣብ ልሳን ብዙሓት፡ ማለት ኣብ ኤርትራዊ ሓፈሻዊ ርእይቶ መዛረቢ ኮይኑ ምጽንሑ ምስጢር ኣይኮነን። ምናልባት ገለ ሰባት ብዛዕባ እዞም ተርእዮታት ክዛረቡ እንከለዉ፡ ካብ ሓልዮት ዝተበገሱ ክኾኑ እንከለዉ፡ ካልኦት ድማ ካብ ሕሜጨ ዝብገሱ ነይሮም'ዮም። ነቲ ንውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዘሻቕለ ኣሉታዊ ተርእዮታት፡ ካብ ዓቕኑ ንላዕሊ ዝተዋህቦ፡ ፍታሕ ምስ ዘይርከበሉ ከስዕቦ ዝኽእል ኣሉታዊ ፖለቲካዊ ርሕቀታት ዝተገንዘቡ፡ እዚ ውድብ'ዚ ኣብ ድርኩኺት ምፍንጫል ጠጠው ኢሉ ከይህሉ ሻቕሎቶምን ስግኣቶምን ይገልጹ ነበሩ።

ይኹን'ምበር እቲ ክብተኑ'ዮም ዝብል ሕልምታት፡ ሳላ ብስለትን ልቦናን ምዕቡል ንቕሓትን ኣባላት፡ ከምኡ'ዉን ትዕግስትን ተጻዋርነትን ጠቕላላ ውድብ፡ ነቶም ዝነበሩ ሽግራት ሰጊሩ ዓወት ክንናጸፍ ዓቕሚ ከም ዘለዎ ኣመስኪሩ'ዩ። ከም ኣገዳሲ ታሪኻዊ ተረኽቦ፡ ሓድነታዊ ጉዕዞኡ ከም ብሓዲሽ ዝድልድለሉ ስጉምቲ ብምውሳድ፡ ኣብ ትሕቲ "ሕዝብናን ሃገርናን ምድሓን" ዝብል ጭርሖ ቀዳማይ ጉባኤኡ ከካይድ ምብቅዑ እኹል መርትዖ እዩ።

ክቡራት ኣጋይሽናን ክቡራት ኣባላት ጉባኤን

ኩሉ ዓቕምታትና ጠርኒፍና እንተ ዘይንነብር፡ ብፍላይ ድማ ጭቡጥ ገንዘባዊ ኣበርክቶታት መሰረታት ውድብ እንተ ዘየሰንዮ ነይሩ፡ ጉባኤና ክጋባእ ኣይምተኻእለን። ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ተበጊሶም፡ ትኬታቶም ሸፊኖም ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ ክርከቡ ምኽኣሎም ንባዕሉ እኹል መብርሂ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ነቲ ሰፊሕ ተሳታፋይ ጉባኤ ምግቡን መደቀሲኡን ብገንዘቦም ክሸፍንዎ ክኢሎም ኢዮም። ኣብ'ዚ ክርሳዕ ዘይብሉ፡ እቲ ከቢድ ሸኽም ዝተሰከመ መሰረታት፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ሓደ ከምልጠሉ ዘይክእል፡ ተሓናናቒ

ዓለምለኻዊ ቁጠባዊ ቅልውላው ዝለዓለ ጥርዚ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን'ዩ። ብርግጽ ከኣ፡ እዚ ታሪኻዊ መርገጽ መሰረታትና ኣብ መዛግብቲ ታሪኽ ውድብና ፍሉይ ክብርን ክብደትን ክሕዝ እዩ። በቲ ሓደ ወገን ድማ ኣባላት ናይ'ዚ ውድብ'ዚ ደረጃ ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ልዑል ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ርኡይ ተራ ክጻወቱ ምዃኖም እኹል መግለጺ እዩ።

ሽሕ'ኳ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ወድዓውን ባዕላውን ጸገማት እንተሃለዉ፡ እቲ ካብ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ቀዳማይ ጉባኤ ንምስንዳእ ዝተመዘዘን ሰፊሕ ስልጣን ዝተዋህቦን ኣሰናዳኢ ሽማግለ፡ ጽዑቕ ጻዕሪ ብምክያድ፡ እነሆ ዕማማቱ ዛዚሙ ኣብ ጉባኤ ንክትዕ ዝቐርቡ ሰነዳት ብምቕራብ ሓላፍነቱ የረክብ። መደምደምታ ዕማማቱ በዚ ቃል እናኣወጀ፡ ኩሉ ተሳታፋይ እዚ መድረኽ'ዚ ንዘሰከመና ከቢድ ሓላፍነት ብምግንዛብ፡ እዚ ጉባኤ'ዚ ጉዕዞና ዘሐድስ ውጽኢታት ሒዙ ክወጽእሞ፡ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዝሰጉመሉ ክኸዉን ትምኒቱ ይገልጽ። ቅሩብነትና በዚ ደረጃ ዝረአ ኮይኑ ብቓልን ግብርን ነቲ ኣብዚ ጉባኤዚ ዝጸድቕ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዝሓዝሎ ትርጉማትን ዝምርኮሰሎም መትከላትን ዘዕኩኽ ክኸውን ደጊመ ትምኒተይ እገልጽ።

በዚ ኣጋጣሚዚ፡ ብሰክረታርያ ስምምዕ ሰንዓ ፎረም ንኣሰናዳኢ ሽማግለ ዝተገበረ ዓብዩ ምትሕብባር፡ ንሓለፍቲ ናይ'ዚ ቤት ጽሕፈት'ዚ፡ ብፍላይ ድማ ንክቡር ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳንን መሳርሕቱን፡ ንዘንነፈና ቴክኒካዊ ጸገማት ኣብ ምስጋር ብዝተገበረልና ደገፍ ብስምኩም ክብ ዝበለ ልባዊ ምስጋናይ ኣቕርብ። እዚ ምትሕብባር'ዚ እንተ ዘይግበረልና ነይሩ፡ እዚ ዓብዩ ቁጽሪ ተሳተፍቲ ጉባኤ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ንኣዲስ ኣበባ ምብጻሕ ኣይምተኻእለን።

ቅድሚ ቃለይ ምድምዳም ኣብዚ ጉባኤዚ ንጨናፍሮም ወኪሎም ዝርከቡ ኣባላት ዝመጽሉ ጆግራፊካዊ ካርታ ንምቕራብ ኣፍቅዱለይ። ንሳቶም ድማ፡ ካብ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ጀርመን፡ ሽወደን፡ ደንማርክ፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ሆላንድ፡ ስዊስ፡ ፈረንሳ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ኣወስትራልያ ምዃኖም እሕብር።

ንጻዕርናን ንቀዳማይ ጉባኤናን ዓወት እምነ

ዕድመ ንነጻን ደሞክራስያዊት ኤርትራን
ዓወት ንደሞክራሲያዊ ቃልስና
ዝኽርን ክብርን ንሰዉኣትና
ጽን ኢልኩም ዝሰማዕኹምኒ ኣመስግነኩም
15 ጥቅምቲ 2009

## ቃል ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ፡

ዝኸበርካ ሓው ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያም ኣቦ-መንበር ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡
ዝኸበርካ ሓው ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን ኣቦ-መንበር ሰክረታርያ ሰንዓ ፎረምን ወኪል መንግስቲ ኢትዮጵያን፡
ዝኸበርካ ሓው ተወልደ ገብረስላሴ ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡
ዝኸበርኩም ኣሕዋት ወከልቲ መሓዙት ውድባት ኤርትራ፡
ዝኸበርኩም ኣሕዋት ኣባላት ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ፡
ዝኸበርኩም ኣሕዋት ወከልቲ ዝተፈላለዩ ዜናዊ ማዕከናት፡

ዝተፈላለየ ውራይኩም ገዲፍኩም ኣብ መኽፈቲ ቀዳማይ ጉባኤና ንክትሳተፉ ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመጻእኹም ዝዓዘዘ ገድላዊ ኣኽብሮትን ሰላምታን ኣቕርበልኩም። መርሓባ ዎ መርሓባ።
ዝኸበርኩም ኣሕዋት፡-
እዚ ጉባኤና'ዚ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ ናይ ምግዛእ ሓይሉ ኣዕርዩ እናተዳኸመ ኣብ ዝመጸሉ ኩነታት ብሓደ ሸነኽ፡ ህዝብና ኣገዛዝኣ ዲክታተርነት ክጻወር ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ብምብጻሕ ከከም ኩነታቱ ተቓውሞኡ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ደያቢ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት ብምዃኑ በቲ ካልእ ሸነኽ፡ መሓውራት ግዝኢ ስርዓት ኣብ ዝልሕላሓሉ ዘሎ ወቕቲ ይጋባእ ብምህላዉ፡ ናይ ግዝእ ርእሱ ገድላዊ

ትርጉም ኣሎዎ። ምኽንያቱ እዚ ጉባኤና'ዚ ብርግጽ ኣብቲ እናሰፈሐ ይመጽእ ዘሎ ተቓውሞ ህዝብና ኣብ ምዕዛዝ ኣወንታዊ ገድላዊ ኣበርክቶ ክውስኽ ስለዝኾነ።

ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ካብቲ ከዳኸሞም ዝጸንሐን ዘሎን ሓያሎይ ወድዓውን በዓል- ቤታውን ዕንቅፋታት ደረጃ ብደረጃ ብምስጋር ሰሓቢ ሓያል ሃገራዊ ተቓውሞ ንምፍጣር ዝርአ ዘሎ ተርእዮ ምጥርናፍ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ንጉባኤናን ውጽኢታቱን መተኣኻኸቢ ሓባራዊ ፖለቲካዊ ረቛሒታት ንምልላይን ምዕዛዝን ጠቓሚ ክስተት'ዩ።

ዝኸበርኩም ኣሕዋት፡-

እዚ ኣብዚ ወቕትን ቦታን እነካይዶ ዘለና ጉባኤ ንግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ፍሉይ ገድላዊ መቐረት ኣሎዎ። ኣብ መሪሕነታዊ ጽፍሒ ጸቢብ ጉጅላዊ ሸነኽ፡ ካብ ጸቢብ ረብሓታትን ግጉይ ሒሳባትን ብምብጋስ፡ ጉባኤ ኣብ ግዜኡ ንከይካየድን፡ ብኡንብኡ ድማ ብውሽጣዊ ቅልውላው ንምስልቻውን፡ ሰፊሕ ሓፋሽ መሰረታት ግሃድኤ ብደሞክራስያዊ መንገዲ ዝተወከልሉ ጉባኤ ሓቀኛ ምንጪ ውድባዊ ስልጣን ከይከውንን፡ ናይ ስልጣን ምብርራይ ከይልመድን፡ ጉጅላዊ ስልጣኑ ኣብ ልዕሊ ውድብ ብሓይሊ ክጽዕን ኣንተዘይክኢሉ ብምፍንጫል ከፈራርሕን ዝካኣሎ ዕንቅፋታት ከካይድ ጸኒሑ'ዩ። ነዚ ዕንቅፋታት'ዝን ሓያል ሓናቒ ቁጠባዊ ሕጽረትን ጥሒስና ናብዚ ኣብ ውዑይ ቃልሲ ዘሰልፈና መድረኽ ንምብጻሕ ብሓቂ ቀሊል ኣይነበረን። ነቲ ኣማዕድዩ ዝርኤና ተዓዛባይ ወገን፡ እዚ ጉባኤ'ዚ ክግበር ዝመስል ኣይነበረን። ንሕና ግን፡ ብውሽጥና ኣማዕዲና እንርእዮ ግድነታዊ ዓወት ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብና ስለ ዘሎና፡ ጉዕዞና ንቕድሚት፡ ስንቅና ጽንዓት፡ ማዕርፎና ዓወት ምዃኑ ብምርዳእ፡ ናይ መሰረታት ውድብና ሞራል ተቐኒትናን ተመጊብናን ናብዚ ዓውደ ጉባኤ'ዚ ንምብጻሕ ብጽንዓት ተቓሊስና።

ዝኸበርኩም ኣሕዋት፡-

እዚ ጉባኤ'ዚ ብዘይ ኣጋንኖ ሙሉእ ብሙሉእ ብወፈያ ሰፊሕ ሓፋሽ መሰረታት ዝካየድ ዘሎ'ዩ። ኣብ ሃገራት ኤሮጳን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን፡ ኣወስትራልያ፡ ስዑድያ፡ ሱዳንን ኢትዮጵያን ዝርከቡ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከከም ዓቕምታቶም ወፈራ ወፈያታት ኣካይዶም። ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሓላፍነት ሸኺም ምኽያድ ጉባኤ ሙሉእ ብሙሉእ ክስከሙ እንከለዉ፡ ተቓሊስና ክንዕወት ኢና ዝብል ጭቡጥ ደሞክራስያዊ ራእይ ስለ ዘለዎም'ዮም። እዚ ወፈራ ወፈያታት፡ በቲ ኣብ ውድብና ክረኣዩ ዝጸንሑ ሓንኮልቲ ዕንቅፋታት ተኣጓጒሉ እንተዝተርፍ ኔሩ፡ እዚ ጉባኤ'ዚ ኣይምተኻየደን። ኣይምተሓሰበን'ውን። እዚ ጉባኤ'ዚ እንተዘይግበር'ውን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ምመረተ ኔሩ። ስለዚ እዚ ቀዳማይ ጉባኤ'ዚ መሐደስን ዋሕስ ቀጻልነትን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ'ዩ። እዚ ጉባኤ'ዚ ንዓና ታሪኻዊ ፈተነ'ውን'ዩ ኔሩ። እዚ ውድብ'ዚ ሂወቶም ንመስዋእቲ ዝቐረቡ ጽኑዓት ተጋደልትን ከይተሓለሉ ለይትን መዓልትን ንውድቦም ዝሓሰቡ ውፉያት ኣባላትን ዘለውዎ'ዩ። ስለዝኾነ ኣብዚ ውድብ'ዚ ምቅላስ ዘኹርዕን ዘሐብንን'ዩ። ደጊም ከቢድ ፈተነ ሰጊርናዮ ኢና። መራሒ ውድብ ወይ ላዕለዋይ ካድር ክንስኻ፡ ንመሰረታት ትመርሖ ውድብ ምቁንጻብን ምጽራፍን ምንዓቕን፡ … ወዘተ ዝኣመሰሉ ክረኣዩ ዝጸንሑ ኣሉታዊ መሪሕነታዊ ተርእዮታት ናብዚ ጉባኤ'ዚ ብምብጻሕ ሰጊርናዮ ኢና። ምስ እዞም ውፉያት ተጋደልትን ኣባላትን ምቅላስ ሽሕ ግዜ ሓላል'ዩ። እንቋዕ ኣብዚ ኣብጸሓና።

ዝኸበርኩም ኣሕዋት፡-

እዚ ጉባኤ ዝያዳ ካልኦት ንዝጸዓሩ ሞሳኦም ንምኽባር ብሞራል እንሽልመሉ ዓውዲ'ዩ። ስለ ዝኾነ ዕማማት ቀዳማይ ጉባኤ ንሓደ ደቒቕ'ውን ትኹን ከይተኣጓጎል ለይትን መዓልትን ብዘይዕርፍቲ ዝያዳ ካልኦት ንዝጸዓረ ሓው ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኣቦ-መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ ዝለዓለ ምስጋና ኣቕርብ። ከምኡውን ነዚ ጉባኤ'ዚ ብጭርሖታት ንምውቃብን ንምምዕራግን ዘይሕለል ውፉይ ጻዕርታት ንዘካየዱ ኣባላት ዞባዊ መሪሕነት ኤሮጳ ዝለዓለ ምስጋና ይግብኦም።

ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕዋት ብሓደ ሸነኽ፡ ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ኣሕዋት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን በሰላ ኲናት ንምሕዋይን ጥዑይ ሕውነታዊ ዝምድና ንምፍጣርን፡ ንስደተኛታት ኤርትራውያን ምዕቋብን ምሕብሓብን ካኣ በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ከካይድዎ ዝጸንሑን ዘለዉን ሰናይ ጻዕርታት ሞጎስና ንገልጽ። ነዚ ጉባኤና'ዚ ንምኽያድን ንምዕዋትን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዝሃበና ፍቓድን ዝገበረልና መሳለጥያታትን ነመስግን። ከምኡውን ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን ገድላዊ ኩነታትና መዓልታዊ ብምክትታል በብእዋኑ ዓቕምታት ቃልስና ብዝሓሸ ኣገባብ ንምስራዕን፡ ሓድነትና ንምድልዳል፡ ውሽጣዊ ሽግራትና ብልዝብ ንምፍታሕን፡ ጠቓሚ ምኽርታት ብግልጺ ኣብ ምቕራብን ተቐጢብልና ስለዘይፈልጥ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከም ኣካል ገድላዊ ስድራቤት ኤርትራ'ዩ ዝቖጽሮ። ኣብ ሞንጎና ብምህላው ድማ ፍሉይ ታሕጓስ ይስምዓና ምዃኑ ክሕብር እፈቱ።

*ህዝብን መንግስትን ሱዳን ንልዕሊ ርብዒ ሚልዮን ኤርትራውያን ስደተኛታት መዕቆቢ ብምሃብን ናይ ስራሕ ዕድል ብምፍቃድን ንዝገበርዎ ሕውነታዊ እንግዶት አሞግስ።*

*እዚ ጉባኤ'ዚ ኣብ ውሽጢ ደሞክራሲ ጥዑይ መቕድም ክኾነልና እምነ።*
*ዓወት ንቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ!!*
*ውድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ*
15 *ጥቅምቲ* 2009

## *ቃል ዕጡቕ ኣሃዱታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡*

*ዝኸበርኩም መሪሕነትን መሰረታትን ግሃድኤ፡*
*ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ዕዱማት ኣጋይሽ፡*
*ዝኸበርኩም ጉባኤኛታት፡*
*መጀመርያ ዝዓዘዘን ዝኸበረን ገድላዊ ሰላምታና ይብጻሕኹም። ካብዚ ቀጺልና ነዚ ናይ ውድብና ቀዳማይ ጉባኤ፡ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዝተቐመጠሉ ግዜ ንኺጋባእ ድኻሞም ከይጸብጸቡ ንዝጸዓሩ ኣባላት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ ዝለዓለ ምስጋናና ከነቕርበሎም ንፈቱ። ከምኡውን ነዚ ጉባኤ'ዚ ንኽዕወት ብገንዘብን ብሓሳብን ዓቢ እጃም ንዘበርከቱ መሰረታት ግሃድኤ ዘለንና ናእዳን ሓበንን ከይገለጽና ክንሓልፍ ኣይንደልን።*
*ውድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብቲ ዝቀላቐል ዝነበረ ናይ ገለ መሪሕነታዊ ባእታታት ጸቢብ ሒሳባት  ዘበገሶ ዓንቃፊ ተርእዮታት ኣውጺኡም፡ ውድብ መሪሑም ናብዚ ጉባኤ'ዚ ንዘብጽሑና መሪሕነት ምስጋናና ነቕርብ።*

*ዝኸበርኩም ጉባኤኛታት፡*
*ውድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ብዘጋጠሞ መሪሕነታዊ ሰንከልከልን ፈተነታት ጥሕሰት ውሳኔታት መስመሪ ጉባኤን፡ ንውድብ ግሃድኤ ብሓፈሻ ንሰራዊት ድሕነት ድማ ብፍላይ ዓቢ መድረኻዊ ግጥምያ ኔሩ። እዚ ጽንኩር ኩነታት'ዚ ንምዑታት ተጋደልቲ ግሃድኤ ካብ ህዝባዊ ቃልሶም ዘሰናኽል'ኳ እንተዘይነበረ ከም መሪሕነት ሞራላውን ነገራውን ሓገዝ ክገብርሉ ብዘይምኽኣሎም ከምቲ ዝድለ ተገላቢጥካ ክስራሕ ኣይተኻእለን።*

*ዝኸበርኩም ኣባላት ጉባኤ፡*
*ዝኸበርኩም ዕዱማት ኣጋይሽ፡*

*ጀጋኑ መንእሰያት ተጋደልቲ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብጽንዓቶምን ብተወፋይነቶምን ብዓቕሞምን ዘመስከሩ፡ ኣንጻር መጋበርያ ኣባላት ስለያ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ ብተደጋጋሚ ገጢሞም ጸብለልታ ዘመዝገቡ፡ ንህዝቦም ጸባ ዘስተዩን ንጸላኢ ዘርዓዱን ዓበይቲ ወተሃደራውን ህዝባውን ስርሒታት ኣመዝጊቦም'ዮም። ኣብዚ ከይጠቐስናዮ ክንሓልፍ ዘይንደሊ፡ ውፉያትን ጽኑዓትን መሰረታት ግሃድኤ፡ ወተሃደራዊ ክንፊ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንዘካይዶ ዘሎ ህዝቢ ናይ ምድሓን ወፍርታት ንምዕዋት ኣብ ጎኑ ደው ኢሎም፡ ብንጥፈት ብምክትታል ንዘበርክትዎ ዘለዉ ገንዘባውን ማተርያላውን ሓገዛት ልዑል መጎስና ንገልጽ።*

*ዝኸበርኩም መሪሕነትን መሰረታትን ግሃድኤ፡*
*ንሕና ተጋደልቲ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ኣብዚ ክቡር ዕለት መኽፈቲ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤና ክንብሎ እንደሊ ቁም ነገር፡ ንሕና ተጋደልቲ ድሕነት እዚ ሒዝናዮ ዘለና ህዝባዊ መስመር ንምዕዋት ክቡር መስዋእቲ ክንከፍልን ሃገራዊ ግቡእና ክንፍጽምን ድሕር ከምዘይንብል ማሕላና ነሐድሰላ ዘለና መዓልቲ ምኻና እንዳሓበርና፡ ጉባኤና ዓበይቲ ህዝባውን ሃገራውን ፖለቲካዊ ውሳኔታት ዓቲሩ ንክወጽእ ንምነ።*

ዝኸበርኩም ጉባኤኛታት፡
ንሕና ከም ተጋደልቲ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ኣብዚ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤና ኣብ መደምደምታ ትኹረት ክግበረሎም ይግባእ ኢልና ንርእዮም ዓበይቲ ቁምነገራት ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ መጀመርያ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ፡ ውድብ ቁጠብኡ ኣብ ርእሰ-ምርኮሳ ዘድሃበ ንክኸውን ጻዕርታት ምክያድ፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ፖለቲካዊ ንቕሓት ዝወነነ ሰራዊት ምዕባይ፡ ምስ ወተሃደራዊ ክንፌ ዘለወን መሓዙት ውድባት ናይ ሓባር ስራሕ ንምክያድ ክፉት ዘተ ምክያድ፡ ኮምኡውን ሓደ ሃገራዊ ሰራዊት ንክምስረት ጻዕርታት ምክያድ።

ዓወት ንቀዳማይ ጉባኤና
ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ
15 ጥቅምቲ 2009

## ቃል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡

ዝኸበርኩም ኣባላት ባይቶ ግሃድኤ
ዝኸበርኩም ኣባላት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ
ዝኸበርካ ኣቶ ሕቡር ገ/ኪዳን ኣቦ መንበር ሰክረታርያ ሰንዓ-ፎርም
ዝኸበርኩም ተወከልቲ ማዕከናት ዜና
ዝኸበርኩም ዕዱማት ኣጋይሽ

ብቐዳምነት ንኣሳናዳኢት ሽማግለ ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ፡ ኣብ መኽፈቲ ጉባኤኹም ክንሳተፍን ቃልና ክነስምዕን ንዝገበረትልና ዕድመ ብስም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ልዑል ምስጋናይ ከቕርብ እፈቱ። እንቋዕ ከኣ ናብዚ ውጻኢት ሕሉፍ ቃልስታትኩም እትግምግምሉን፡ ብዝበለጸ ውሽጣዊ ዓቕምታትኩም ኣሐይልኩም፡ ውድብኩምን ግንባርና ኤ.ዲ.ኪን ደምበ ተቓውሞን ኣብ ምሕያል ልዑል ተራኹም ክትጻወትሉ ትጽቢት ዝግበረሉ መድረኽ ቃልሲ ኣብጸሓኩም እንዳበልኩ ጉባኤኹም ብዓወት ክዛዘም ዘለኒ ምንዮት ብስም ኤ.ዲ.ኪ እገልጸልኩም።

<u>ዝኸበርኩም ጉባኤኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን!</u>

ሎሚ ቀዳማይ ጉባኤኹም ኣብ ዝሰላሰለሉ ዘሎ ወቕቲ፡ ጭቡጥ ኩነታት ናይ ሃገርና ምስ እንርኢ፡ ብርግጽ ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ተኣፋፊ ኩነታት ምጅላዉ ንዕዘብ። ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ውልቀ-መላኺ ስርዓት ህግደፍ፡ ንውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታቱ ክብል ን18 ዓመታት ብዝተኸተሎም ቀጻልቲ ብዘለዉን መዕነውቲ ፖሊሲታቱ፡ ብውሽጢ ምስ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቱን፡ ብወጻኢ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ህዝብታትን መንግስታትን ብዝገበሮም ዝጸንሐን ዘሎን ምትእትታዋትን ግብረ-ሽበራዊ ስራሓትን ሃገርና ኣብ ዓሚቕ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ቅልውላው ወዲቓ፡ ህዝብና ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ንሓደጋ ተሳጢሑ ብብዝሒ ናብ ስደት ኣብ ዝውሕዘሉ ኩነታት ኢና ንርከብ ዘለና። እቲ ዝርካቡ ኣብ ሃገር ተሪፉ ናብ ስደት ዘማዕዱ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ ብክወርዶ ዝጸንሐን ዘሎን፡ ፖለቲካዊ ጭቆናን ቁጠባዊ ምዝመዛን ጨፍጫፊ ኣረሜናዊ ተግባራትን ኣፍራዪ ዓቕምታቱ ኣብ ካምቦታት ብጅሆ ተታሒዙ፡ ከም ጊላ ኣብ ፊን ዘበሎ ስራሓት ከዋፍሮ፡ ኣብ ርእሲ'ዚ በብግዚኡ ብልሹው ኣሰራርሓ ተኣታትዩዎ፡ ደርቂ'ውን እናተሓወሶ ኣብ ከቢድ ዓጸቦን ጥሜትን ወዲቑ ኣብ ስቓይ እዩ ዝርከብ ዘሎ። እዚ ጨካን ኣረሜናዊ ስርዓት'ዚ ብሰንክ'ቲ ገባቲ ፖሊሲኡ ልሙዕ መሬት ህዝቢ እንዳመንዝዐ ንናይ ወጻኢ ሸርፊ ዝረኽበሎም ዘገልግልዎ ምህርቲ ክኻዕብት ይሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብድህረት ተላዕጢጡ ህዝቢ ንህዝቢ ብሃይማኖት፡ ብብሄር፡ ብኣውራጃ፡ ከጋጩን ከፋፊሉ ክገዝእን ከይተሓለለ ከካይዶ ዝጸንሐ፡ ሕጂ ምስቲ ኣቐዲሙ ዘበገሶ ዲሞግራፍያዊ ምቅይያራት ንናይ መሬት ጽበትን ርቀትን ምኽንያት ብምግባር፡ ህዝቢ ካብ ከበሳታት ኤርትራ ካብ መረበቱ እናፈናቐለን ናብ ቆላታት ኤርትራ ብግዴታ ምትላልን ክሰፍርን ኣብኡ ብሕማምን ጥሜትን ክቕዘፍን ብዝገደደ መልክዑ ጎንጽታት ክባልሑን ይሰርሕ ምህላዉ፡ እቲ ሽግር ናብ ዝኸፍኤ ጥርዙ ተሰጋጊሩ ነቲ ኩነታት ዝያዳ ኣሰካፍን ሓደገኛን ይገብሮ ምህላዉ ርእሰ-ግሉጽ ሓቂ እዩ።

*ዝኸበርኩም ጉባኤኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን!*

*እቲ ጭቡጥ ወድዓዊ ኩነታት ናይ ሃገርና ኣብ ቅልጡፍ ናይ ምንቁልቋል መስርሕን ሓደገኛ ጥርዝን ዝበጽሐ ይኹን ደኣ'ምበር፡ ነዚ ናብ ረብሓ መላእ ህዝብናን፡ ናይ ዞባና ሰላምን ርግኣትን ንምልዋጡ እነካይዶ ዘለና ደሞክራስያዊ ተጋድሎ፡ እቲ ዘሎ ተኣፋፍነት ናይቲ ኩነታት ብኡ መጠን ዝመጣጠን ኣይኮነን ዘሎ። እዚ ኣብ ዘይተጠዓዓመሉ ኩነታት ኣብ ዘለናሉ ከኣ፡ ኣብ ሃገርና ዝኾነ ንዝለዓለ ለውጢ ዝሓትት ወድዕነት ኣንተተኸስተ ዘገርም ኣይኸውንን። በዚ መሰረት ደምበ-ተቓውሞ ኣብ ሓያል ኣድማዒ ብርኪ ክሰጋገር ዕቱብን ውፉይን ዝተወሃሃደ ቃልሲ ይሓትት። ኣብዚ መዳይ'ዚ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኩሉ'ቲ ዝገጠሞ ናይ ምፍንጫል ሓደጋ ሰጊሩ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ጉዕዝኡ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ተጓዒዙ'ኳ እንተሎ ሕጂ'ውን ኩሉ ዓቕምታት ብሓደ ህርመትን ኣንፈትን ሰሚሩ ህዝብን ሃገርን ማእከሉ ገይሩ፡ ንውሽጣዊ ዕማማቱ ኣብ ምዕዋት ብዙሕ ዝተርፎ ምዃኑ ኣብ ጸብጻብ ኣእቲኻ ኩሉ ኣባል ግንባር ዝኾነ ውድብን ሰልፍን ልዑል ኣስተዋጽኦ ክገብር ብቕዳምነት ክረባረ'ዩ ዝህልዎ ዝብል እምነት'ዩ ዘለና። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ክሳብ ብመንገዲ ሰፊሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝረጋገጽ ዝሰፍሐ ናይ ተቓውሞ ግንባር ተታሒዙ ዘሎ እዋናዊ መደብ ብዓወት ዝዛዘምን ምስቶም ኩሎም ንለውጢ ዝቃለሱ ውድባት ምንቅስቓሳት፡ሲቪካዊ ማሕበረ-ሰባት፡ ምሁራንን ሃይማኖታዊ መራሕትን ጸረ-ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ክካየድ ዝጸንሐ ሓባራዊ ቃልስታት ብስጡምን ውዱብን ቀጻሊ መንገዲ ክስራሓሉን ክዕወትን፡ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ኣብ ተግባራዊ ስራሓት ክንጽመድ'ዩ ዝህልወና። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብዚ ካልኣይ ዙር ዓመት'ዚ ከረጋግጾም ሒዝዎም ተበጊሱሎም ዘለዉ መደባት ብሓደ ሸነኽ፡ ብዓቢኡ ከኣ ንምዕዋት ሰፊሕ ዋኣላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ተሊምዎም ዘለዉ ናይ ምስንዳእ መደባት ኣብ ድሮ ምዝዛም በጺሖም ኣብ ቀረባ ግዜ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ክትእከብን ምድላዋታ ከተበግስን ልዑል ትጽቢት ይግበረላ። እዚ እዋናዊ ናይ ኪዳን መደባት ንምርግጋጽ ሰፊሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝግበር፡ ናይ ኩሉ ደላይ ለውጢ ሃገራዊ ዕማምን እዚኣቶም ብዘይ ልዑል ተሳትፎ ናይ ኩሉ ኣብ ለውጢ ረብሓ ዘለዎ ተቓላሳይን ተሳትፎ ሰፊሕ ህዝብን ክዕወቱ ስለዘይክእሉ እዚኣቶም፡ ልዑል ቆላሕታ ዝሓቱና ዕማማት ምዃኖም ንኹልና ከም ጸሓይ ብሩህ እዩ ዝመስለና። ስለዚ ጉባኤኹም ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ኤዲኪን ደንበ ተቓውሞን ይካየድ ምህላዉ ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝተጠቕሱ፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ልዑል ጠመተ ሂቡ ንምሕያሉ ኣገዳሲ ውሳኔታት ሒዙ ክወጽእ ልዑል ትጽቢትን ተስፋን ንገብር።*

*ዝኸበርኩም ጉባኤኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን!*

*ሕቶ ሓድነት ሓይልታት ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝካየድ ተጋድሎ ካብ ሕቶ ፖለቲካል ደሞክራሲ ንምርግጋጽ ዝገብሮ ተጋድሎ ተፈልዩን ተነጺሉን ዘይረአ ከቢድ ርእሱ ዝኸኣለ ተጋድሎ ኣዩ። ግዜኻን ዓቕምኻን ጉልበትካን ኮታስ ኩሉ መዳያዊ ከቢድ ጻዕርታት ዝሓትት ደሞክራስያዊ ዕማም'ዩ። ናይ ምጽውዋር ምክብባር፡ ዘይመሰረታዊ ካልኣዊ ፍልልያትካ ካልኣዊ ቦታ ናይ ምሃብን ብስልጡን ኣገባብ ናይ ምምሕዳሮም ባህልን ዝሓትት እዩ። እዚ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ንሓደ ወይ ንክልተ ውድብ ጥራሕ ዝምልከት ዘይኮነስ፡ ናይ መላእ ደምበ-ተቓውሞ ኤርትራ ጌና መሊእና ክንሰግሮ ዘይከኣልና ዘለና፡ ብቐጻሊ ክንሰግሮ ዕቱብ ተጋድሎታት ዝሓተና ዘሎ ታሪኻዊ ዕማም ናይ ኩልና እዩ። ኣብ ሓደ ውድብ ይኹን ኣብ ሓድነት ዝፈጠራ ውድባት ፍልልያትን ምፍንጫላትን ክፍጠር እንከሎ፡ ነቲ ከምኡ ዝገጠሞ ውድብ ወይ ውድባት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንመላእ ብሓባር ንዘቐምዎ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር መላእ ደምበ-ተቓውሞን ህዝብን ፈተውትን ብኣወንታ ዘይኮነስ ብኣሉታ እዩ ዝጸሉ። ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብዚ ዓቢ ሃገራዊ ናይ ሓድነት ዕማም'ዚ፡ ኣብ ውሽጣዊ ሓድነቱ ክሓልፎ ዝጸንሐን ዘሎን ተመኩሮን ሓጎጽጎጻትን ክሳብ ሕጂ ቀለልቲ ኣይጸንሑን። ኣዚ ሓድነታዊ ዓቢ ሃገራዊ ዕማም'ዚ ሕጅውን ብዕቱብ ተመዚኑ ኩልና ካብኡ ትምህርቲ እንቐስመሉ ክኸውን ቀዳማይ ጉባኤኹም ከም ዝለዓለ ጽፍሒ መድረኽ ቃልሲ መጠን ምምዛኑን ንፍልልያትካ እተጻብበሉ ባይታታት ከስፍሕን ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ ይመስለና። ኩልና ዘይርና-ዘይርና ኣብ ሕቶ ሓድነት ዘለና ሃገራዊ ዕማም ኣብ ቅድሜና ተደቂኑ ዘሎ ቀጻሊ ዕማም'ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ከይድና ከይድና'ውን ኩልና ብመንገዲ ሰፊሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ናብ ሓደ ዝሰፍሐ ግንባር ክንጠራነፍ ቃልስታትና እነካይደሉ እዩ ዝኸውን።*

ብዝተረፈ ኣብ መደምደምታ ዘረባይ ሕጂ'ውን ቀዳማይ ጉባኤኹም ኣብ ትሕቲ ተኣፋፊ ኩነታት ናይ ሃገርን ኣብ ዝርከበሉ ወቕቲ ንውድብኩም ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ናይ ቃልሲ ዘሰጋግር፡ ብኡ መጠን ከኣ፡ ንደምበ-ተቓውሞ ዘሐይል ክኸውን ደጊመ ልዑል ምንዮተይ እገልጸልኩም።

ዓወት ንቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ!
ውድቀት ንጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ!
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
15 ጥቅምቲ 2009

## <u>ደምዳሚ ኣዋጅ</u>
## <u>ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ</u>

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ 15 ክሳብ 21 ጥቅምቲ 2009 " ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ መሪሕ ግደ ዝጻወት ሓያል ውድብ ንምህናጽ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ወከልቲ መላእ ጨናፍር ውድብን፡ ወከልቲ ሰራዊት ድሕነትን፡ ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ መሪሕነት ዝተረኽብዎ ቀዳማይ ጉባኤኡ ብዓወት ኣሰላሲሉ።

ኣብ መኽፈቲ ጉባኤ፡ ወኪል መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣቦመንበር ሰክርታርያ ምትሕግጋዝ ሰንዓ ፎርምን፡ ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን፡ ልኡኻት ዜናዊ ማዕከናት ኢትዮጵያን፡ ወከልቲ ዜናዊ ማዕከናት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ተሳቲፎም።

ኣብ መኽፈቲ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣቦመንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ንኣጋይሽን ኣባላት ጉባኤን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መደረ ድሕሪ ምቕራብ፡ ውድብ ዝሓለፎ ዝነበረ ውሽጣዊ ኩነታት ክረአ እንከሎ፡ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ግዜኡ ምክያዱ ኣገዳሲ ብድሆ ምንባሩን፡ ጽንዓትን ደገፍን መሰረታት እንተዘይነበር ኔሩ፡ ጉባኤ ክውን ክኸውን ዝካኣል ከም ዘይነበረ ኣመልኪቱ። ስዒቡ ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ኣካል እዚ ጉባኤ'ዚ ንኽዕወት ብመሰረታት ውድብ ዝተራእየ ዘይተቐጠበ ጻዕርታት ኣብ ኩሉ ሽነኻት ብፍላይ ድማ ኣብ ገንዘባዊ፡ ንዋታዊ ከምኡ'ውን ሞራላዊ ሓገዛት ኣሞጒሱ። ብተወሳኺ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ሰፊሕ መብርሂ ኣቕሪቡ። ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ዝዓለመ፡ ምልካዊ ስርዓት ንምውዳቕ ኣገዳስነት ዝዓዘዘ ሓባራዊ ስራሓት ተቓወምቲ ውድባት ኣመልኪቱ ኣስሚሩሉ።
ብድሕሪኡ ወኪል መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣቦመንበር ሰክረታርያ ምትሕግጋዝ ሰንዓ ፎርምን ኣብ ዘቕረቦ መደረኡ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ኤርትራን ርትዓዊ ዲሞክራስያዊ ቃልስታቱን ደው ከም ትብል ደጊሙ ኣረጋጊጹ። ከምኡ'ውን ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን ብተኸታታሊ ኣብ ዘቕረብዎ መደረታቶም፡ ጉባኤ ኣሳልጦን ዓወትን ንክጓናጸፍ ዘሎዎም ሰናይ ትምኒታቶም ገሊጾም።

ጉባኤ፡ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ናይ ጉባኤ ስርሑ ምጅማር፡ ነቶም ኣብ ዕዮታት ጉባኤ ምስታፍ ዝኣበዩ ባእታታት ዳግመ ርእይቶ ገይሮም ኣብ ጉባኤ ንክሳተፉ፡ ምስኣቶም እትላዘብ ሽማግለ መዚዙ። እንተኾነ ግና፡ እቶም ባእታታት ነቲ ካብ ሃገራውን ውድባውን ሓላፍነት ዝነቐለ ተብግሶ ብዘይምቕባል ኣብ ርእይቶኦም ደረቑ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ ነቲ ገለ ባእታታት ካብኣቶም ንናይ ውድብ ጉባኤ ዝዕንቅፍ ወስታታትን ናይ ኣተኣናጋዲት ሃገር ጸጥታ ዝትንክፍን ዝፈጸምዎ በታኒ ፈተነ ኮኒኑ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ጉባኤ ዕዮታቱ ብምቕጻል፡ ጸብጻባት ፈጻሚ ኣካል ሰሚዑን ብዕምቀት ተመያይጥሉን። ኣብ መደምደምታ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ግዜ ኣብ ኣካይዳ መሪሕነት ኣብ ፖለቲካውን ውድባውን መዳያት ብዙሕ ዕንቅፋታት ከም ዘጋጠመ መዚኑ።
ጉባኤ፡ ሰራዊት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ስለያዊ ኣካላት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘካይዶ ዘሎ ጅግንነታዊ ግደ ኣሞጒሱ። ሰራዊት ድሕነትን ሰራዊት ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ዘካየድዎ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ስርሒትን፡ ኣብ ሞንጎ ክልቴኣቶም ዘሎ ምውህሃድን፡ ኣብ ሞንጎ ወተሃደራዊ

*ክንፍናን መብዛሕትኡ ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘሎዎም ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን ዘሎ ዝምድና ምትሕግጋዝን ንኢዱ።*

*ጉባኤ፡ ነቲ ናይ ሰለስተ ዓመታት ጉዕዙ ውድብና ፈተሽን መዘነን። ቀጺሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ተዘርጊሑ ዘርከብ ውፉይ ሓፋሽ መሰረታት ግሃድኤ  ዘቕረቦ ነገራውን ሞራላውን ደገፋት፡ ብኡንብኡ ድማ ቅልውላው ውድብ ክሰገር ምኽኣሉን፡ ጉባኤ ኣብ ግዜኡ ምኽያዱን፡ ንዘርኣዮ ወሳኒ ግደ ኣድኒቑ።*

*ጉባኤ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብሓፈሻ ኣዐሪዩ ኣብ ዝተዳኸመ ኩነታት ምህላዉ፡ ብፍላይ ካኣ ኣብ መዳያት ቁጠባን፡ ጸጥታን፡ ዞባውን ኣህጉራውን ዝምድናታት ኣመልኪቱ ብዕምቆት ርእዩ።*

*ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘውርዶ ዘሎ ኣደራዕን ዝጽዕኖ ዘሎ ዓማጺ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ጉባኤ ኮኒኑ። ደሞግራፈካዊ ኩነታት ኤርትራ ንምቕያር ዝዓለመ ካብ ከበሳታት ኤርትራ ናብ ምዕራባዊ ቆላታት (ጥቓ ሱዳን) ዝግበር ዘሎ ሰራም ናይ ህዝቢ ምዝንባልን ሰፈራን ስራሕ ነቲ ካብ ነዊሕ ዓመታት እናተወራረሰ ዝመጸ ፍሉይነታት ሕብረተሰብና ኣፍሪሹ ብሓዲሽ ፍሉይነታት ንምህናጽ ላዕልን ታሕትን ዝብሎ ዘሎ ተግባራት ጉባኤ ብኣንክሮ ተመልኪቱ። ከምኡ'ውን ነቶም ቀንዲ ተቐማጦ ካብ መሬቶም ኣግሊሉ፡ ንካብ ከበሳታት ኤርትራ ብዘይ ድልየቶም ናይ ምግዓዝ መደብ ደይመደይ ኢሉ ተተሓሒዝዎ ከምዘሎን ዝመንዝዖ መሬት ድማ ክዕድሎም ይርእ ብምህላዉ ጉባኤ ኮኒኑ። እዚ ተግባራት እዚ ህዝቢ ኣብ ነንሕድሕዱ ካብ ምንጃት ሓሊፉ፡ ማሕበራውን ባህላውን ሃይማኖታውን መለለዪ ሃገራዊ መንነት ዝዘርግ ፖሊሲ ዲሞግራፍያዊ ለውጢ እውን ዘምጽእ ብምኻኑ ጉባኤ ኣትሪሩ ኮኒኑ። ነዚ ምልካዊ ፖሊሲ'ዚ ንምውጋድ ተሪር ቃልሲ ክካየድ ከም ዘለዎ ጉባኤ ደጊሙ እንዳ ኣረጋገጸ ካልኦት ተቓለስቲ'ውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዱ ጉባኤ ጸዊዑ። መሬት ናይ ዋናታቱ ምኻኑን፡ ዝኾነ ወገን ብዘይድልየት ህዝቢ ክትንክፎ መሰል ከም ዘይብሉን ጉባኤ ኣረጋጊጹ። ስለ'ዚ ጉባኤ በቲ ሓደ ወገን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝመንዝዖ መሬት ናብ ዋናታቱ ክምለስ ክኸውን ከሎ በቲ ሓደ ድማ ምሕደራዊ ምክፍፋል ናብ'ቲ ናይ ቀደም ታሪኻዊ ኣውራጃታት ክምለስ ከምዘለዎ ርእዩ።*

*ጉባኤ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ምስቲ ኩሉ ኣብ ጉዕዞኡ ከጋጥሞ ዝጸንሐ ሕጽረታት ኣገዳሲ ፖለቲካ ሃገራዊ ጽላል ምኻኑ ኣረጋጊጹ። ኩሎም ከዕቑብዎን ከማዕብልዎን፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ግደኦም ከዕዝዙ ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ። እቲ ክግበር ዝሕሰብ ዘሎ ''ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ'' ከም ኣወንታዊ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ናብ ሸቶኡ ዘብጽሕ ጻዕርታት ክካየድ ይርኢ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብዛዕባ ኤርትራዊ ጉዳይ ዝምልከት ኣብ ዞናውን ኣህጉራውን መዳያት ዘይስገር ሓይሊ መታን ክኸውን ምድልዳሉ ኣገዳስነት ኣለዎ። እዚ ከኣ ሕጽረታቱ እንከይፈወስካን  ኣብ ኩሉ ዓውድታት ኣካይዳኡ ከድምዕ ከም ዘለዎ ከይገበርካን ከምኡ'ውን ኣብ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ሓቀኛ ረብሓ ዘሎዎ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጎኒ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከየሰለፍካን ዓወት ክረጋገጽ ኣይክኣልን'ዩ።*

*ጉባኤ፡ ንስቅያት ስደተኛታት ኤርትራውያንን፡ ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሰምዮ ዘሎ ወፍሪ ዕንወትን ራሕሪሖም፡ መዕቆቢ ንምርካብ ዝሃድሙ ዘሎዉ መንእሰያትን ዘጋጥሞም ዘሎ ሓደጋታትን ብዕምቆት ተመልኪቱ። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ፖለቲካዊ መሪሕነት ምስቶም ጉዳያቶም ዝምልከቶም ሃገራትን ውድባትን ርኽክባት ብምክያድ፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ብዝለዓለ ደረጃን ተገዳስነትን ትኩረት ክህቦ ከም ዝግባእ ተላብዩ።*

*ብዛዕባ ኩነታት ስደተኛታት ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ዘለዉ ኣመልኪቱ ጉባኤ፡ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ዘተ ኣካይዱ። ጉባኤ ሱዳንን ኢትዮጵያን ንስደተኛታት ኤርትራውያን ዝገብርዎ ዘለዉ ናይ ምቕባልን ሽግራት ምቅላልን ስራሓት ዓብን ግቡእ ተራኦምን የልዕሉ ብምህላዎም ኣሞጒሱ። ብፍላይ ድማ ሱዳን ጸገማት ስደተኛታት ኤርትራውያን ንምቅላል ንፍርቂ ዘመን ዝኣክል ዝገበርዎን ጌና'ውን ዝገብርዎ ዘለዉ ርህራሄን ጉባኤ ኣድኒቑ። ህዝብና ምስቲ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሕልፎ ዘሎ ሓሳረ-መከራን ሽግራትን ንምቅላል ንዘርእዮ ዘሎ ጽንዓት ኣሞጒሱ።*

*ጉባኤ፡ ነቲ ኣብ ምብራቓዊ ከባብታት ኤርትራ ንዝተበገሰን ምናልባት ናብ ካልእ ዝሰፊሐ ክፋላት ኤርትራ ብኩሉ ኣገባባት ቃልሲ ብቅልጡፍ ክልሕም ዝኽእልን ህዝባዊ ተቓውሞ ምድጋፍ ኣድላይነት ከም ዘሎዎ ተገንዚቡ። ብሰንኪ ፖሊሲታት ስርዓት ምልኪ ኤርትራን ተኸታታሊ ባህሪያዊ ድርቅን ህዝብና ንዓጸቦ*

ተሳጢሑ ይርከብ። ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ሓደጋታቱ የዛይድ ምህላዉ ድማ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ እዩ። ንዘጋጥሞ ዘሎ ጥምየትን ዓጸቦን ኣብ ምቅላል ኣህጉራውያን ማሕበራትን ገበርቲ ሰናይን ተርአን ንኸየልዕላ ምልካዊ ስርዓት ከልኪልወን ስለዝርከብ፡ ጉባኤ ንተግባራት ምልካዊ ስርዓት ብትሪ ይኹንን። ኣህጉራዊ ሕብረተሰብ ብወገኖም ድማ ንተግባራት ዲክታቶራዊ ስርዓት ህግደፍ ተጽዕኖ ክገብሩን ከቃልዑን ጉባኤ ኣማሕጺኑ።

ጉባኤ፡ ጉባኤ ኣብ ግዜኡ ምክያዱ፡ ነቶም ኩሎም ዕንቅፋታት ኣብ ምእላይ ግደኦም ዘበርከቱ ኣባላት ውድብ ኣመስጊኑ። ብፍላይ ድማ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ነዚ ጉባኤ'ዚ ብምድጋፍን፡ ብምትእንጋድን፡ ኩሉ ኣድላዪ መሳለጥያታት ብምቕራብን ንዝገበሩልና ደገፍ ልዑል ምስጋናኡ ኣቕሪቡ። ከምኡ'ውን ነቶም ካብ ኣባላት ውድብ ይኹኑ፡ ወይ ካብ ግዱሳት ኤርትራውያን ብዛዕባ ውድብና ተገዲሶም ጉባኤና ብዓወት ንክወጽእ ምንዮታቶም ብመልእኽትታትን፣ ብተሌፎናትን ዝገለጹልናን፣ ዮሃና ዝጸሓፉን ኣመስጊኑ።

ጉባኤ፡ ህዝቢ ሶማል ንዕስራ ዓመታት ዝሰኣኖ ሰላምን መርግጋእን ንከስተማቕር፡ ኣሕዋት ፖለቲካ ሓይልታት ሶማል ሕድ-ሕድ ምቅትታል ደው ከብሉን ፍልልያቶም ብሰላማዊ መንገዲ ክፈትሕዎን ክጽውዕ እንከሎ ብካልእ ሸነኽ ድማ ህዝቢ ፍልስጤም ጎኒ-ጎኒ ሃገረ እስራኤል ኣብ መሬቱ ሃገሩ ምምስራት ዘሎዎ መሰል ደጊፉ።

ኣብ መደምደምታ ጉባኤ፡ ኣገደስቲ ፖለቲካውን ውድባውን ውሳኔታትን ለበዋታትን ድሕሪ ምውሳን ንመጻኢ መድረኽ እትመርሕ ሓዳስ ፖለቲካዊት መሪሕነት ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ መሪጹ ዕዮኡ ብዓወት ዛዚሙ።

ዓወት ንዲሞክራስን ፍትሕን
ውድቀት ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ስውኣትና

ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
21 ጥቅምቲ 2009

## ዜናታት

### ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
### ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼብኡ ኣሰላሲሉ፡

ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ "ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ መሪሕ ግደ ዝጻወት ሓያል ውድብ ንምህናጽ" ዝብል ጭርሖ ተሓንጊጡ ካብ 15-21 ጥቅምቲ 2009 ምስልሳሉን ብድምቀት ምዝዛሙን ኣብ መዓልታዊ ውዕሎ ጉባኤ ዜናዊ ፈነወታትና ክሕበር ምጽንሑ ይዝከር። ኣብ መዛዘሚ ዕለተ-ጉባኤ ከኣ ንመጻኢ ሰለስተ ዓመታት ዝመርሑ 31 ምሉኣትን 3 ተጠባበቕትን ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝተመርጹ ኮይኖም ኣብ ቅድሚ ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን ዕዱማት ኣጋይሽን ቀሪቦም ተላልዮም።

ድሕሪ ምዝዛም ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ፡ እቲ ብጉባኤ ዝተመርጸ ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከኣ ካብ 23-25 ጥቅምቲ 2009 ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼብኡ ኣሰላሲሉ። ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣብዚ ንሰለስተ መዓልታት ዘካየዶ ኣኼብኡ፡ ካብ ውሽጡ ንመጻኢ መድረኽ ትመርሕ ሓዳስ መሪሕነት ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ መሪጻ ኣካይዱ። እዚ ከኣ 3 ዝኣባላታ ሰክረታርያ ባይቶን 7 ዝኣባላታ ፈጻሚት ኣካልን ኣቑሙ።

ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ኣብ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼብኡ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ግሃድኤ ብደቂቕ ዓሚቕ ገምጋም ድሕሪ ምክያዱ፡ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ንመጻኢ መድረኽ ክዕመሙ ዝግብኦም ናይ ቀረባን ርሑቕን መደባት ብዝርዝር ኣነጺሩ ንተግባራውነቱ ከኣ ንፈጻሚ ኣካል መምርሒ ብምሃብ ኣኼብኡ ዛዚሙ።

## ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
## ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼብኡ ዛዚሙ፣

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼብኡ ካብ 27-29 ጥቅምቲ 2009 ኣካይዱ። ፈጻሚ ኣካል ኣብዚ ንሰለስተ መዓልታት ዘሰላሰሎ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼብኡ ነቲ ብማእከላይ ባይቶ ዝተዋህቦ ጥሙር ሓላፍነት መሰረት ብምግባር ናብ ኣፈጻጽማ ዝርዝር ኣሸሪፉ፣ ናይ ግዜ መቓን ሓንጺጹ፣ ንመጻኢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ክዕመሙ ዝግብኦም ቀንዲ ዕዮታት ኣነጺሩ።

ፈጻሚ ኣካል፣ ብሕድሕድ ኣብያተ-ጽሕፈታቱ ክትግበሩ ዝግብኦም መደባት ድሕሪ ምንጻርን ሓይሊ ሰቡ ምውዳብን፣ ኣብ ኩሉ ከባብታት ዓለም ዝርከቡ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ “ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ልዕሊ ኩሉ” ንዝብል መሪሕ ጭርሖ ብንጥፈት ክዋስኡ ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ፣ ብዛዕባ ንጥፈታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝምልከት ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ከኣ ተወጢኑ ንዘሎ ሰፊሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ካብኡ ዝጥለብ ዘበለ ኩሉ ብህርኩትነት ክዋሳእ ምዃኑ ኣረጋጊጹ ኣኼባኡ ዛዚሙ።

## ብኣስገዳድ ዝተኻየደ ኣኼባ ብፍሽለት ተደምዲሙ፣

ኣብ ምብራቓዊ ሸነኽ ኣከለጉዛይ እምቢ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሎም ነቲ ስርዓት ዝርሕርሕዎ ዘለዉን ካብ ውሽጡ ወጺኦም ኣንጻሩ ጸሚዶምን ተወዲቦምን ዝቃለሱ ዘለዉ ጀጋኑ ዕጡቕ ኣሃዱታት ደቂ ህዝቢ ንስርዓት ህግደፍ ዓቢ ሕማም ርእሲ ኮይንዎ ከምዘሎ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብቲ ከባቢ ብቐጻሊ ይሕብሩ ኣለዉ። እዞም ነቲ ስርዓት ፎእ ኢሎም ኣብ ጎኒ ህዝቦም ደው ዝብሉ ዘለዉ ዕጡቓት ቁጽሮም ካብ እዋን ናብ እዋን እንዳወሰኸን ሓይሎም እንዳበርትዐን ምኻዱ ዘስተባሃለ ስርዓት ህግደፍ ንከጥፍኦም ዝወጠኖ ኩሉ ፈተነታት ድሕሪ ምብርዓኡ ሕጂከኣ ብዓቕሊ ጽበት ነቲ ኣብቲ ከባቢ ነባሪ ዝኾነ ህዝቢ ኣኪቡ ከፈራርሕ ከምዝጀመረ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ግዱሳት ምንጭታት ግሃድኤ ኣብ ዝለኣኽዎ ጸብጻብ ሓቢሮም።

ምንጭታትና ወሲኾም ከምዝሓበርዎ ብ5 ጥቅምቲ 2009 ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ ካብ ዝርከባ ዓድታት (ቁሸታት) ንኣብነት ንምጥቃስ ካብ ሓድሽ፣ ኣይሮመሌ፣ መልካ፣ ሮብሮብያ፣ ኢዳፋሎ፣ ... ወዘተ ዝርከብኦን ዓድታት ካብ ነብሲወከፍ ዓዲ ሰሰለስተ ኣባላት ተዋጺኦም ኣብ ፎሮ ኣኼባ ንኽካየድ መምርሒ ከምዝወረደን፣ ነቲ ግዱድ ኣኼባ ክመርሕዎ ዝወዓሉ ዕሱባት ኣገልገልቲ ስርዓት ህግደፍ ከኣ ነቶም ካበየዓዱ ዝተኣከቡ ሽማግለታት “ስምዑ እዞም ኣብዚ ከባቢ ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ ዕጡቓት ካብ መንግስትና ወጻኢ እዮም፣ ንስኻትኩም ከኣ ትድግፍዎምን ትሕብሕብዎምን ኣለኹም። ምስኦም ምትሕብባር ገዲፍኩም ምስ መንግስትኹም ወግኑ፣ ኣይትተሓባበርዎም ኩሉ እትርእይዎ ምንቅስቓሳቶም ንመንግስቲ ሓብሩ። እዚ ንብለኩም ዘለና እንተዘይፈጺምኩም ግና ኣብ ልዕሌኹም ንሕስያ ዘይብሉ ጀምላዊ ስጉምቲ ክውሰድ’ዩ። ስለዚ ወይለኹም ኣቐዲምና ንሕብረኩም ኣለና” ብምባል ከፈራርሑን ከጉባዕብዑን ከምዝወዓሉ ተሓቢሩ ኣሎ።

እንተኾነ ግን እቶም ዝተኣከቡ ሽማግለ ዓድታት ብድፍረት “ስምዑ ዘተን ዕርቅን ምስቶም ትብልዎም ዘለኹም ዕጡቓት ኣካይዱ እምበር ንሕና ንፈልጦ ጉዳይ የብልናን። ዘዕጠቕኩሞም ባዕልኹም ዝተፈልዩ ካባኹም። ዝደለኹሞ ከኣ ትገብሩ ኣለኹም። ንሕና እንታይ በሃልቲ፣ ንገብሮ ነገር የብልናን” ዝብል ድምብርጽ ዘይብሉ ተሪር መልሲ ከምዝሃብዎምን እቲ ግዱድ ኣኼባ ብፍሽለት ከምዝተዛዘመን ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሓቢሮም።